**ሕግታት ስነ-ምግባር**

**ISK ዓለምና ንኹሉ ሰብ ውሑስ ቦታ እዩ፣ ስለዚ...**

- ኣብ ነንሕድሕድና ንተኣማመን።
- ንሓድሕድና፡ ፍልልያትና፡ ከምኡ’ውን ከባቢና ንከባበር።
- ኣብ ነንሕድሕድና ቅኑዓትን ከምኡ ውን ንናይ ካልኦት ሓሳባት ክንሰምዕ ክፉታትን ድሉዋትን ኢና።
- ንሓድሕድና ብማዕረ ንርኢ፤ ኣድልዎ ኣይንገብርንን ኣይንፈላልን ኢና።
- ነዞም ስምምዓት ንምኽባር ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝ።

**ሕግታት ኣካይዳ ትምህርቲ**

ISK ዓለምና ንኹሉ ሰብ ውሑስን ጥዑይን ስለዝኾነ...

- ጃኬትናን ቴለፎናትናን ኣብ ሳንዱቅና ነቀምቶ።
- ብሃይማኖት ርእሲ ምሽፋን ይፍቀድ እዩ፣ ቆቢዕ ምምላስ ግን ኣይፍቀድን እዩ።
- ማስቲካ ምሕያኽ ኣይፍቀድን።
- ሽጋራ ምትካኽን ቫይፕ ምስሓብን ኣይፍቀድን እዩ።
- ኣልኮላዊ መስተ፡ ሓሽሽ፡ energydrinks ማለት ጾዓት ወይ ሓይሊ ዝህብ መስተ ምስታይ ኣይንፈቅድን ኢና።
- ከም ካራ ዝኣመሰሉ ኣጽዋር ክልኩላት እዮም።

**ማሕበራዊ ሚድያ**

1. ወግዓዊ ናይ ቤት ትምህርቲ ምልክታ ወይ ሓበሬታ ዝዝርግሕ ናይ ቤት ትምህርቲ ዳይረክተር ጥራሕ እዩ።

2. ብዘይ ፍቓድ ናይ ዝኾነ ሰብ ስእሊ ይኹን ቪድዮ ክትወስዱ ኣይፍቀድን።

3. መልእኽቲ፡ ቪድዮ፡ ወይ ስእሊ ብዘይ ፍቃድ ናይ ዋና ምዝርጋሕ ኣይፍቀድን።

4. ሕግታት ስነ-ምግባርን ኣካይዳን ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ እውን ይምልከት።

5. ኣብ ቤት ትምህርቲ ይኹን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምጽራፍ ኣይፍቀድን እዩ።

6. ዘስግእ፣ ኣድልዎ ዝፈጥር፣ .ንተማሃራይ፡ መምህር ወይ ንቤት ትምህርቲ ዝጎድእ፡ ወይ ዝጽልእ ኣይትዘርግሑ።

7. ኣብ መልእኽትኻ ኣስማት መምህራን ክትጠቅስ ኣይፍቀድን እዩ።

ነዚ ሕግታት እዚ ክትሕሉ ኣገዳሲ እዩ። ነዚኦም ሕግታት እንተዘይተማእዚዝካ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ንወልድኻ/ኣላዪኻ ክሕብርን ስጉምቲ ክወስድን እዩ።

ኣብ ከቢድ ኩነታት ውን ክሳብ ምሳጋግ ካብ ቤት ትምህርቲ ስጉምቲ ክውሰድ ይኽእል እዩ።

**ሞባይል ቴሌፎናት**

1. ሞባይልካ ኣብ ገዛኻ ወይ ኣብ ሳንዱቅ ክትጸንሕ ኣለዋ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ሞባይልካ ምጥቃም ውን ኩልኩል እዩ።

2. ናይ መምህራን ስእሊ ወይ ድምጺ ምቕራጽ ኣይፍቀድን እዩ ፣ወላ ውን ናይ ካልኦት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰባት፡ ወይ ዝመሃሩ።

**ግዜ ዕረፍቲ**

ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ንታሕቲ ትወርዱ። ኣብ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ደርቢ ክትህልዉ ኣይፍቀደን እዩ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ክትጸንሕ ኣለካ።

**ነጻ ግዜ (እዚ ማለት ኣብ መንጎ ክላስ ንገለ ሰዓታት ነጻ ግዜ ምስ ዘይህልወካ)።**

መምህር ምስ ዘይህልወካ ወይ ድማ ነጻ ግዜ ኣብ ዘለካ ናብ ናይ ዕረፍቲ ቦታ ወይ ናብ ደገ ኪድ። ኣብ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ደርቢ ክትህሉ ኣይፍቀደን እዩ። ኣብቲ ናጻ ግዜኻ፡ ኣብቲ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ክትህሉ ኣለካ።

**ስነ-ምግባር ዝምልከት ስርዓት**

ኣብ እዋን ዝርርብ ናይ ምቕባል ተመሃራይ፡ ምስቲ ሓድሽ ተማሃራይን ወለድን ኣለይትን ብዛዕባ ስነ-ምግባር ንዘራረብ። ብድሕሪኡ እቲ ስነ-ምግባር ነቲ ተማሃራይ ቀሪቡ ብእኡ ክፍረም እዩ።

ኣብ መጀመርታ ነፍሲ ወከፍ ናይ ትምህርቲ ዓመት፡ እቶም መምህራን ብዛዕባ ስነ-ምግባር ምስ ተማሃሮ ብዝርዝር ክዛረቡ እዮም። ኣብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዓመት፡ እቲ ስነ-ምግባር ኣብ ትምህርቲ መምህራን ብቐጻሊ ደጋጊሞም ክንገርዎም እዮም፡ እዚ ድማ ተማሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ሕግታትን ትጽቢታትን ከም ዝፈልጡ የረጋግጽ።

ብተወሳኺ ተማሃሮን መምህራኖምን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ትምህርቲ ዓመት ነቲ ስነ-ምግባር ይፍርሙ። እዚ ድማ እቶም ስምምዓት እዋናውያን ኮይኖም ከም ዝቕጽሉ ዘረጋግጽን ኣገዳስነት ክቡርን ውሑስን ናይ ትምህርቲ ዘርኢ እዩ።